Dimocrasira Ekba Murq"a Bilinuk'h
Eritrea/Hodde
ዲሞክራስያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን
ኤርትራ/ሆደ

ፍሪዕ እክባ ሙርቛ ብሊኑኹ
ኤርትራ /ሆደ
التنظيم الديمقراطي لقومية
البليناالأرترية (هودي)

Democratic Organization of Blin Nation of Eritrea/Hode

# “ቐዳማይ ስሕታን ካልኣይ ዕብዳን” ሰላማዊ ሰልፊ ህግደፍ ንኹናት ትግራይ ዝድግፍ።

ተቓዉሞ ብዲሞክራስያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን-ኤርትራ ሆደ

ወዲ ሰብ ንብጻዩ እንተኪሒዱ፣ ንሕልናኡ እንተዘይተገዚኡ፣ ካብ እንስሳ ንላዕሊ ጨካን ክኸዉን ከም ዝኽእል ብተግባር ዝርኤ መራሒ መንግስቲ ኤርትራ’ዩ። ንጎረባብትና ንጭካኔ እዚ ሰብ ክንግልጽ ከሎና ክርድኡና ይኽእሉ ኣይነበሩን። ብፍላይ ቐድሚ ክልተ ዓመት ኣብ ኣዲስኣበባ ልቡ ክሃርምን፣ ካባ ክኸደን፣ ካትም ክመልስን ምስ ተዓዘብና ለይቲ ኢትዮጵያ ከም ለይቲ ኤርትራ ክትጽልምት’ያ ኢልና ጺሕፍና ኔርና። ኣብ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ብኽንደይ ቓልሲ ንዓለም ኣረዲእና ዓለም’ውን ብናቱ መንገዲ መርሚሩ ንህዝቢ ኤርትራ ክጣበቕ ምስ ጀመረ፣ ሓሙኽሽቲ ዝመልኤ ሓንጎሎም ደገፍቱ ብስም ህግደፍ ዝተኣኻኸቡ ስእሉ ሒዞም ምስ ጸላእትናን ቐተልትናን ትምክሕተኛታት ኣምሓሩ ኮይኖም ኣብ ኣደባባይ ሕቡራት መንግስትታት “ንሱ ንሕና ንሕና ንሱ” “ይቅተል ይእሰር እንታይ ገደስኩም” ክብሉ ክድብሉን ክስዕሱውን ኣብ “ሰልማዊ ሰልፊ” ሪኢና። ወይ ስሕታን ኢልና። ዝሓለፈስ ኣብ ዝባናን ኣብ ገዛናን ኔይሩ። ካብ ወርሒ ታሕሳስ  ንደሓር ግን ዶብ ሰጊሩ፣ ብሰላም ኣብ መሬቱ ንዝንበር መንግስትን ህዝቢ ትግራይን ክወግእ ከፍርስ ክጽንት ደቂ ኣንስትዮ ክዕምጽ ከሎን ንደቅና ኣብ ዘይምልከቶም ኣብ ሓዊ እናኣተወ፣ ሃብቲ ሃገር ብዘይተሓታትነት ክብርስ ሎሚ’ውን ምስቶም ጸላእትናን ቀተልትናን ትምክሕተኛታት ኣምሓሩ ኮይኖም “’ንሱ ንሕና ንሕና ንሱ” “ይቅተል ይእሰር የፍርስ ይዓምጽ” ክብሉ ንዕለት 15 ሚያዝያ 2021 ኣብ ኣደባባይ ሕቡራት መንግስታት “ሰልማዊ ሰልፊ” ምጽዉያም ካልኣይ ዕብዳንዶ ወይስ ጠቅሊካ ዕብዳን ክንበሎ? ንምኽሪ ሕዉነት ሎምስ ተድሕንዎ የብልኩምን እሞ ኣዕሪፍኩም ተቐመጡ።

ክቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን ደቂ ኤርትራ፣ እዛ ዓለም ብዓይኒ መራሒ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣይትርእን’ያ። ብሰማይን ምድርን ዘጣብቕ ሓሶቶም ድማ ኣይትታለልን’ያ። ካብ ዓይኒ ዓራት ንላዕሊ ዓይኒ፣ ካብ እዝኒ ሓርማዝ ዝዓቢ ድማ እዝኒ ኣለዎም። ኣብ መሬት ትግራይ ዝተገብረን ዝግበር ዘሎ ወንጀል ኣብ ልዕሊ ኑጹሃን፣ ንሕና ኤርትራዉያን ብቐዳምነት መስከርቲ ጥራይ ዘይኮና ኮነንቲ’ውን ክንከዉን ይግባኣና። እዚ ክገብር ግዴታ ጉርብትናን ሕዉነትን እምነትን ኣሎና። ነዚ ክንክሕድን ነዚ ክነጸባብቕን ምስ ንጅምር ግን ኣፈጸምትን ፈጸምትን ሙኧና ኣይንዘንግዕ። ነዚ ተጸዊዑ ዘሎ ሰላማዊ ሰልፊ ንኲናትን ንሞትን ንስደትን ዝዕድም ናይ ገበቲ ኲናት ዝድግፍ ስለ ዝኾነ ብዕሊ ንኹንኖ።

ዲሞክራስያዊ ዉድብ ብሄረ ብሌን ኤርትራ ቅድሚ ምጅማሩ እዚ ክምጽእ ሙኧኑ ንጎረባብትና ዓዉ ኢሉ ክገልጽ ጸኒሑ፣ ምስ ጀምረ ድማ ብዕሊ ኮኒኑ፣ እዚ ኣረሜናዊ ኲናት ደዉ ክብል ድማ ካብ ዝጅመር ብመንፈስን ብዕላማን ካብ ምቅላስ ዓዲ ኣየወዓለን። እዚ ምግባርና ንመሰል ወዲ ሰብ ዝቆምና ስለ ዝኾና’ዩ። ዕላማና መሰል ካልኦት ክትንከፍ ከሎ ምስኦም ንሓምምን ንበክን ንቓለስን። ሕጂ’ውን ብዕላማን ብመንፈስን ምስ ህዝብን መንግስትን ትግራይ ደዉ ኢልና ኣሎና። ነቶም ብደምን ብሂወትን ህዝቢ ትግራይ ይኹን ካልኦት ህዝብታት ዝነግዱን ክዓብዩ ዝደልዩን ድማ ንኹንኖም። ብፍላይ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሓጺር ግዜ ሰራዊቱ ካብ ትግራይን መላእ ኢትዮጵያን ክስሕብ፣ ዝኾኑ ናይ ወጻኢ ሓልታት ካብ መሬት ኤርትራ ክወጽእን፣ ስልጣን ንህዝቢ ከስረክብን ንጹዉዕ። ንህዝቢ ትግራይ ክንብሎ ንደሊ ዉጹዕ ህዝብና ጸላኢኹም ኣይኮነን፣ በዚ ዝውርደኩም ዘሎ ግፍዕታት ምስ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ቂምን በቐልን ከይትኣትዉ ብስም ዉጹዕ ህዝብና ንሓተኩም። ብፍላይ ኣብ ትግራይ ዝነብር ህዝብና ኣብ ዑቑባኹም’ዩ ዘሎ ዝኾነ ጸግም ክይበጽሖ ከም ቐደምኩም ሓለዋኹም ክረክብ ንምሕጸን። እዚ ኲናት’ዚ ናይ ኩሉ ዉጹዕ ህዝብታት ኲናት’ዩ። ንቅኑዕ ዕላማ ኣዓዊትና ብሰላምን ብምትሕልላይን ክነብር ከም’ቲ ቐደምኩም ኣብ ዕላማኹም ጽንዑ። ክቡር ህዝቢ ትግራይ ነዚ ኣረሜናዊ ወራር ትምክት ዘሎኻ ዮሃና!! ዮሃና!! ንብለካ። ዓወት ድማ ናትካ ከም ዝኾነ ንኣምን። ዓወት ንዉጹዓት ኣህዛብ ትግራይን መላእ ዓለምን።

ዲሞክራስያዊ ዉድብ ብሄረ ብሌን ኤርትራ/ሆደ  Wednesday, 10 March, 2021